ቤት ፅሕፈት ህንፀት መጎዓዝያ ከይዲ ስራሕ ቁፅፅር ዲዛይን ህንፀት ስራሕቲን ወረዳ ላዕላይ ቆራሮ ወረዳ ላዕላይ ቆራሮ ንናይ ቤት ፅሕፈት ልምዓት ዘፈር ቁጠባ ከይዲ ስራሕ ሃፍቲ እንስሳ ወረዳ ላዕላይ ቆራሮ ግልጋሎት ዝዉዕል ኣብ ጣብያ ኩሉ ሃሪፋ ናይ እንስሳ መሐከሚ ፅገና ከምእዉን ኣብ ከይዲ ስራሕ ኤክስቴንሺን ኣብ ጣብያ ልምዓትን ዓዲንግስትን ድማ ኣብ ማእከል መሰልጠኒ ሐረስቶት ዝሰርሑ ስራሕቲ ብፕሮግራም ምጥንካር ስራሕቲ ምግቢ ማለት እዉን ፈድ ሲስተም ሪሳይለንስ ፕሪግራም በጀት ንምስራሕ ስራሕቲ ዘፈር ኮንስትራክሽን ንዘተሰማረዩ ሕጋዊያን ኮንትራክተራት ብምልክታ ፕሮፎርማ ኣወዳዲሩ ከስርሕ ይደሊ

ዝወፀሉ መዓልቲ: ሰንበት ሕዳር 28, 2018 ( ቅድሚ 3 ወርሒ)
ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ዓርቢ ታሕሳስ 3, 2018 04:00 ቅደሚ ሰዓት (ሓሊፉ)
ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:--
ቦታ:ወረዳ
ናይ ደኩመንት ዋጋ:50000
ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ዓርቢ ታሕሳስ 3, 2018 04:30 ቅደሚ ሰዓት
መደብ: ገዛውቲን ሕንፃ ስራሕቲን/

1 ናይ 2017ን 2018 ዓም ዝተሐደሰ ንግዲ ፍቃድ : ናይ 2018 ዓም ዝተሐደሰ ብቅዓት መረጋገፂ ሰርተፊኬትን : ዝተሐደሰ ናይ መቅረባይነት ሰርትፊኬትን: ቲን ናምበርን ቫት ሰርተፊኬት ናይ ኩሎም መረዳእታ ኮፒ ከቅርቡ ዝክእሉ

2 ቫት ተመዝገብቲ ናይ ወርሒ መስከረም 2018 ዓም ቫት ሪፖርት ዝገበርዎ መረዳእታ ኮፒ ከቅርቡ ዝክእሉ

3 ተወዳደርቲ መክበሪ ፐርፎርማ ብር 50000 ካብ ዝተፈለጠ ባንኪ ብስፒኦ ወይ ኣብ ኩነታት ዘይተመሰረተ ባንኪ ዉሕስና ከቅርብ ኣለዎ

4 ኣብ ዉሽጢ 7 ዓመታት ወይድማ ካብ 2011 ዓም ክሰብ 2017 ዓም ኣብ ዘሎ ግዜ እንተወሐደ ሐደ ሚልዩን ልዕሊኡን ኮንትራክት ወይ ሳብ ኮንትራክት ወሲዱ ብዉሑዱ ሐዲ ሚልዩን ቅርሽን ልዕሊኡን ዝሰርሐ ምካኑ ግዜያዊ ርክክብ ወይ ናይ መወደእታ ርክክብ ፐይመንት ሰርተፊኬት ዘቅርብን

5 ተወሳኪ እዉን ብፅሬት በቲ ዝተዉሃቦ ዲዛይን ግዜን መሰረት ሰሪሑ ዝወደአ ምካኑ ድጋፍ ደብዳብ ካብቲ ዝሰርሓሉ ትካል ከቅርብ ዝክእል

6 ሰዓራይ ዝኮዉን ተወዳዳራይ ኩሎም ዝተሐተቱ ረቆሒታት ኣማሊኡ ዝተሐተተ ዋጋ ዝአተወ ይከዉን

7 ብዘይ ምንም ቅድመ ክፍሊት ብናይ ባዕሉ ዓቅሚ ክሰርሕ ዝክእልን ናይቲ ዝሰርሖ ስራሕቲ ድማ እናተረጋገፀ ክፍሊት ዝፍፀም ምካኑ

8 ሰዓራይ ተኮናተራይ ምስዓሩ ካብ ዝተረጋገፀሉ ግዜ ጀሚሩ ብ ዉሽጢ 10 ስራሕ መዓልቲታት ዉዕሊ ብምእሳር ብዘተዉሃቦ ዲዛይንን ሰርተፊኬትን በዉዕሉ መሰረት ሳይት ካብ ዝተረከበሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ዉሽጪ 90 መዓለቲታት ሰሪሑ ከረክብ ዝክእል

9 ሰዓራይ ተወዳደሪ ድሕሪ ምስዓሩ ካብ ዝተፈለጠ ባንኪ መከበሪ ዉዕሊ ብመልክዕ ስፒኦ ወይድማ ኣብ ኩነታት ዘይተመሰረተ ናይ ባንኪ ዉሕስና ካብቲ ጠቅላላ ዘሸነፎ 10 ሚእታዊ ከቅርብ ዝክእል

10 ኩሎም ተወዳደርቲ ሰነድ ፕረፎርማ ካብ 26/3/2018 ዓም ጀሚሩ ካብ ቤት ፅሕፈት ህንፀት ምምሕዳር መጎዓዝያ ከይዲ ስራሕ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

ቁፅፅር ዲዛይን ህንፀት ስራሕቲ ህንፃ ወረዳ ላዕላይ ቆራሮ ክወስዱ ይክእሉ

11 ፐርፎርማ ፀኒዑ ዝፀንሐሉ ግዜ ፐርፎርማ ካብ ዝክፈተሉ ግዜ ዕለት ጀሚሩ ንተከታታሊ 30 መዓልቲ ይከዉን

12 ተወዳደርቲ ናይ ዝወዳደርሉ ፕሮጀክት ዝሐዘ ደኩመንት ሐደ ዋናን ክልተ ቅዳሕን ሰነዳትን አብ ዝተፈላለየ ፖስታታት ምስዓሸጉ ኦርጅናልን ኮፒን ኢልካ ኣብቲ ልዕል እቲ ኣናእሸተይ ኩሎም ፖስታታት ብማርከር ብምፅሓፍን ማህተም ብምግባርን ዳግሞ ኩሎም አብ ኣናሸተይ ፖስታታት ኣብ ካሊእ ዓብይ ፖስታ መሊሶም ብምዕሻግ ማህተም ክዓርፎ ብምግባር ናይቲ ዝወዳደርሉ ፕሮጀክት ሽምን ናይ ኮንትራክተር ሽም ኣድራሻን ኣብ ልዕሊ እቲ ዓብይ ፖስታ ብማርከር ብምፅሓፍን ነቲ ዉድድር ናብ ዝተዳለወ ሳንዱቅ ጨረታ አብ ህንፃ 16 ዕለት 3/4/2018 ዓም ክሳብ ሰዓት 4:00 ከቅርብ አለዎ እቲ ፕርፎርማ በቲ ዕለት ሰዓት 4:00 ተዓፅዩ በቲ ዕለት ንሱ ሰዓት 4:30 ባዕሎም ወይድማ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዝተረክብሉ ይክፈት ኣብ ሳንዱቅ ዝአተወ ፖስታ ብዘይምህላዎም ዘይክፈት ኣይህልዉን

13 ተወዳደርቲ ኣብቲ ፕርፎርማ ሰነድ ዝተትሓዙ ዝርዝር ብትክክል ዋጋ መሊኦም ኣብ ሕድሕድ ገፅ እቲ ፕርፎርማ ደኩመንት ፈሪሞምን ሓቲሞምን ቅደም ሰዓብ እቲ ደኩመንት እንተይኣዛብዑ እቲ ሰነድ እንተይ ኣዛብዑ እቲ ደኩመንት ከምቲ ክሸየጥ ዝነበሮ ከይኣጎደሉ ከቅርቡ አለዎም

14 ቤት ፅሕፈትና ዝሐሸ መማረፂ እንተረኪቡ ነቲ ፕርፎርማ ሙሉእ ብሙሉእ ወይ ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሐለወ እዩ

15 ኣብዚ ፐርፎርማ ዝወዳደር ኮንትራክተር ከማለኦ ዝግባእ ባዓል ሞያ ከምዝስዕብ ይከዉን ሽም ዝርዝር በዓል ሞያ በዝሒ ሐደ ደረጃ ትምህርቲ ብስቪል ምህንድስና ብኮንስትራክሽን ማናጅመንት ብኮንስትራክሽን ቴክኖሎጂን ብኮንስትራክሽን ኢንጅነሪንግን ተመሳሳሊን ስራሕ ልምዲ 2 ዓመት ንዲፕሎማ 0 ዓመት ንዲግሪ መብርሂ ዝቆፀር በዓል ሞያ ካብ ሕጋዊ ትካል ወይድማ ፍትሒ ተቀባልነት ዘለዎ ዉዕሊ ስምምዕነት ክሳብ 30 ሚያዝያ 2018 ዓም ልዕሊኡን ከቅርብ ዝክእል

16 ኣብዚ ጨረታ ዝሳተፊ ከቅርቦ ዝግባእ ማሽነሪ ኢኩፕመንት ዝርዝር ማሽነሪ ኮንኩሪት ሚክሰር በዝሒ ሐደ ኮንኮሪት ቫይቪሪተር በዝሒ ሐደ መብርሂ ኮንትራክተር ናይ ባዕሉ እንተኮይና ናይ ዋንነት ዝገልፅ ወረቀት ምስክር ከተሓሓዝ አለዎ እንተዘይኮይና ድማ ክሳብ 30 ሚያዝያ 2018 ዓም ልዕሊኡን ዘገልግል ናይ ዉዕሊ ዝገበረሉ ሰነድ ናይ ባዕል ወረቀት ምስክር ከተሓሓዝ አለዎ

ንተወሳኪ ሐበሬታ 0923306009

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle